# “ንሕናን ንስኹምን” - ወርቃዊ ግዜ ዘባኽነልና ዘሎ ኣዕናዊ ኣተሓሳስባ!!

“ምጽሓፍ ኣይተቋርጽ” ዝብል ምሕጽንታን “ደሃይካ ጠፊኡና” ዝብል ናይ ኢሜይል መጸዋዕታን ክመጸኒ ካብ ዝጀምር ነዊሕ ገይሩ። ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት እውን “መሲናስ” ብዝብል ስም ዝጽሕፍ(ዝገጥም) ግን ከኣ መን ምዃኑ ዘይፈልጦ ሰብ ዝጸሓፎ ናይ “ደሃይ ሃባ” ቅሉዕ መልእኽቲ ብመልክዕ ግጥሚ ኣብ ኣሰና ወጺኡ ኣንቢበ። ነቲ ‘መሲናስ’ ዝጸሓፎ መኃስ ዘይበቕዖ እኳ እንተኾንኩ “ዓጽሚ ይሃብካ!” ክብሎ ግን እደሊ። ትሕቲ’ታ ግጥሚ ውርድ ምስ በልኩ ግን ኣብቲ ርእይቶ ዝወሃበሉ ሰናዱቕ ሓደ ዘስሓቐኒ ርእይቶ ኣንቢበ። “ዓጋመ ልኡኽ ህግደፍ ኢኻ ኢሎም ኣሲሮም ይምርምርዎ ኣለው” ዝብል። ኣብ ከባቢየይ ዝነበሩ ሰባት ክሳብ ዝግረሙ ክርትም ኢለ ስሒቐ። ደርሆ እንተሓለመትስ ጥረ ምረ ደኣ ይብሉ ነበሩ ኣቦታትና!! እዚ ገሊኡ ሰብ ክጸልእ ከሎ’ኮ ዝምነየልካ ኢዩ ዝጠፍኦ!! ወዮ ደኣ እቲ ፖለቲካና ናይ ጽልኢ፣ ቅርሕንቲ፣ ዘለፋን ሕሜታን ፖለቲካ ደኣ ኮይኑ እምበር ሓደ ሓደ ግዜስ ወላ ንእትጸልኦ ሰብ ጽቡቕ ምምናይ ልቦና ኢዩ። እንተዘይከሰብካ ኣይትኽስርን። ናይ ኣእምሮ ሰላም ምርካብ’ከ ናይ መን ኮይኑ!!

ገሊኡ ሰብ ብጽልኢ ዝኸሓነ ርእሲ ሒዙ እናነበረ ኣብ እምኒ ምድርባይ ስለዘይበጽሐ ዝተጸለለ ኣይመስሎን ኢዩ። ብጽልኢ፣ ትዕቢትን ኣነነትን ዝተባሕተ ርእሲ ንምሽቱ መዕቆቢኡ ትካል ሕክምና ኣእምሮ፣ መደቀሲኡ ድማ ከኒና ምዃኑ ሃለዋት ሰበስልጣን ህግደፍ ግሉጽ ምስክር ኢዩ። ብምሒር ቅርሕንቲ ተደሪኽና ኢሳያስ ጸላም ከብዱ ብመስተ ሓሪራ ክሞተልና እንሓልም በሃማት ከም ዘለና ባዕልና ንፈልጦ። ጸላም ከብዲ ኢሳያስ ሚልዮናት ከፊልካ ክትትካእ/ክትዕደግ ትኽእል ኢያ። እታ ንሕና ብቕርሕንቲ እነዕንዋ ዘለና ርእሲ ግን መተካእታ የብላን። እንተ ኢሳያስ’ሞ ቀንዲ ሕማሙ ኣብ ጸላም ከብዱ ዘይኮነ ኣብ ኣእምሮኡ ኢዩ። ኣብ ኣእምሮኡ ዘሎ ሕማም ኢዩ ኣብ ዘይወጾ ጸገም ሸሚምዎ ዘሎ። ኣእምሮኡ ምስ ሓመመ ከኣ’ዩ ጸላም ከብዱ ሓሚሙ። ናይ ኣእምሮ ጭንቀቱ ዝፍወስ እናመሰሎ እንደኣሉ ኣብ መስተ ዝእለኽ ዘሎ። ስለዚ ንፈተውትን ንጸላእትን ብማዕረ ዘአንግድ ልቦና ይሃልወና። ደሓር ከኣ ዝጸላእካዮ ሰብ ተቓሊስካዮ እምበር ጸሊእካዮ ጥራይ ኣይሰዓርን ኢዩ።

ሓርበኛ ኔልሰን ማንዴላ ኣብዚ ቅንያት ካብዚ ዓለም ብሞት ምስ ተፈልየ ፈተውቱን ጸላእቱን ብማዕረ ሓዘኖም ገሊጾም። እቶም ንህዝብታቶም ፍትሒን ናጽነትን ዘየጫንው መራሕቲ ኣፍሪቃ “ኣቦ ፍትሒን ናጽነትን!” እናበሉ ወዲሶሞ። እቲ ኣብ ማዕከናት ዜና ኤርትራ ብዛዕባ ማንዴላ ክዝረብ ባህ ዘይብሎ ኢሳያስ እውን ብምኽንያት ሞት ናይ’ዚ ዓቢ ኣፍሪቃዊ ወረጃ ናይ ሓዘን ደብዳበ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ከም ዝለኣኸ ኣብ ዜና ተኸታቲልና። ነተን ሕለፍያ ዝበሃሃላ ክልተ ሃገራት ዝመርሑ ራውል ካስትሮን ባራክ ኦባማን ድማ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ማንዴላ ኣራኺብዎም ኢድ ንኢድ ንምጭብባጥ በቒዖም። ኦባማ መራሒ ናይታ ኣብ ልዕሊ ፊደል ካስትሮ (ሓው ራውል ካስትሮ) 638 ግዜ ፈተነ ቅትለት ዘካየደት ሃገር ኢዩ። ማንዴላ ብዛዕባ ፍቕሪን ጽልኢን እንታይ ኢዩ’ሞ ዝበለ!?

> “ወዲ ሰብ ምፍቃርን ምጽላእን ከይፈለጠ ኢዩ ነዛ ዓለም ዝጽንበራ። ንኽልቲኡ ምስ ተወልደ ኢዩ ዝመሃሮ። ምጽላእ ዝመሃር እንድሕር ኮይኑ ግን ስለምንታይ ምፍቃር’ከ ዘይመሃር!?

እዚ ኣብ ላዕሊ ክተንብብዎ ዝጸናሕኩም ጽሑፍ ንመእተዊ ዝተጠቐምኩሉ ደኣ እምበር ንሎሚ ቀለም ብርዒ ክውፍየሉ ዝመረጽኩዎ ኣጀንዳ ኣይኮነን። በሉ እምበኣር ናብቲ ንሎሚ ዘዳለኹዎ ጽሑፍ ከስግረኩም።

***

እዋኑ ብልክዕ ኣይዝክሮን። ግና ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመታት እዩ እንተገበረ። ብሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ ዝተመርሐ ዘቤታዊ ቱሪዝም ምትብባዕ ዝዕላምኡ ዑደት ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ይካየድ ነበረ። ተሳተፍቲ ናይቲ ዑደት ካብ ኩለን ሚኒስትሪታት፤ ማሕበራትን ትካላት ህግደፍን ዝተዋጽኡ ኣስታት 100 ሰባት ነበሩ። እቲ ዑደት ኣብ ዝተፈላለየ ታሪኻውን ጥንታዊን ቦታታት ናይቲ ዞባ ዝካየድ ኮይኑ ንቅርጺ መሬት፤ ንግዳዊ ምትእስሳር ህዝብታት፤ ገድላዊ ህይወት ተጋደልቲ ሰዉራ ኤርትራ፤ ወዘተ ዘጠቓልል መብርሂታት ብክኢላታትን ፈላጣትን ዝቐረበሉ ኣጋጣሚ ነበረ። እቲ ዑደት ዝገብር ዝነበረ ጉጅለ ኣብ ከባቢ ኣዱሊስ በጺሑ መግለጺ ክወሃቦ ምስ ጀመረ፣ ሓደ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ታሪኽ ዘጽንዐ መንእሰይ ብግዲኡ ዝፈልጦ ታሪኽ ንተሳተፍቲ ከካፍል ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ዕድል ምስ ተዋህቦ ንስልጣነ ኣዱሊስ መበገሲ ገይሩ ብዛዕባ ታሪኻዊ፤ ባህላዊ፤ ቁጠባውን መበቆላውን ምትእስሳር ህዝብታት ከባቢና ብምግላጽ፤ ኣቢሉ-ኣቢሉ ከም ኣብነት ናብ መበቆል ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም መጸ'ሞ ኣብ ቅድሚ ሚኒስተር ኣስካሉ **"ኣቶ ወልደኣብ ትግራዋይ ዋላ እንተኾኑ ስለ ናጽነት ኤርትራ......** " ኢሉ ዘረብኡ ከይወደአ ከሎ ኣስካሉ ኣብ መንጎ ኣትያ "ኣቋርጾ...! ኮፍ በል!" ኢላ ብተሪር ገንሓቶ። እቲ መንእሰይ ሰንቢዱ ኮፍ ምስ በለ ከኣ ነታ ንሱ ዘምሎቓ ሓቂ ከተጠፋፍእ ነዊሕ መግለጺ ሃበት።

መወዳእትኡ ድማ እቶም ተሳተፍቲ፤ ናይ ኣዱሊስ ዑደቶም ዛዚሞም ናብ ካልእ ታሪኻዊ ቦታ ከምርሑ ከለዉ እቲ መንእሰይ ድሮ ካብቲ ጉጅለ ተባሪሩ ናብ ምጽዋዕ ተመሊሱ ነበረ።

ብመግናሕታዊ ግብረ መልሲ ወ/ሮ ኣስካሉ ኣመና ተገሪመ ስለዝነበርኩ ብዛዕባ'ቲ ዝተኾልፈ ዘረባ ናይቲ መንእሰይ ኣዕሚቐ ክሓስብ ተገዲደ። ብዙሕ ሕቶታት ናብ ኣእምሮይ መጸ። ኣቶ ወልደኣብ መበቆሎም ክለዓል ዘይደልዩ ሰብ ድዮም ነይሮም!? ብመንነቶም ዘይኮርዑ ተቓላሳይ ነይሮም'ዶ ይኾኑ!? ንትግራዋይነቶም ክሒዶም ድዮም ስለ ናጽነት ኤርትራ ዝቃለሱ ዝነበሩ!? ነዚን ካልእን ሕቶታት ንኽምልስ ታሪኽ ክውከስ ነይሩኒ። ኣብ መበቆሎም ንዝነበሮም ኣረኣእያ ክፈልጥ ዝሕግዘኒ ስኑድ ሓበሬታ ንምርካብ እውን ኣንቂደ። እታ መጀመርያ ዝተወከስኩዋ መጽሓፍ ድማ እታ ብደራሲን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ "ኣይንፈላለ" ነበረት። ነታ መጽሓፍ እናገናጸልኩ "ዋዕላ ቤት ጌርጊስ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ኣብ ገጽ 181-183 ምስ በጻሕኩ ነቲ ክሳብ ሎሚ ንኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ከድንቐም ዝገበረኒ ትሕዝቶ ረኺብኩ። ብዙሕ ከይበልኩ ነቲ ዝረኸብኩዎ ምንጪ ከም ዘለዎ ኣቕሪበዮ ኣለኹ'ሞ እነሆ ንበብዎ፡-

> ብ28 ሕዳር ኣብ ሰሙናዊ ጋዜጣ ቁ. 5/222 "ብዛዕባ ኤርትራ ኪዛረብ መሰል ዘለዎ ደኣ መን ኮን ይኸውን?" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣቶ ወልደኣብ ብዛዕባ ፍጻመ ዕለት 24 ኣዘንተዉ። እቲ ልዝብ እናተኻየደ እንከሎ ኣቶ ተድላ ባይሩ ተንስኡ'ሞ ብቐጥታ ንወልደኣብ እናመልከቱ፡ "ኣረ ናይ ካልኦትስ ይጽናሕ፡ ኣነ'ውን ወደባት ስለ ዝኾንኩ ዝመስለኒ ክዛረብ መሰል ዘለኒ እየ። ግናኸ፡ ንስኹም ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ወዲ ትግራይ፡ ትግራዋይ ከም ዝኾንኩም ንፈልጥ ኢና። ስለምንታይ ደኣ ብዛዕባ ሃገርና ኤርትራ ቅድም ትራስቲሺፕ፡ ሎሚ ድማ ውዕልነት ትብሉ ኣሎኹም? ዓድናስ ይኣ መስሓቒ ኾይና!" ከም ዝበሉ ኣቶ ወልደኣብ ኣብ ዓንቀጾም ገለጹ።
>
> ኣቶ ወልደኣብ ጽሑፎም ብምቕጻል፡ ቀጺሉ ንዝስዓበ ብኸም'ዚ ዘርዘሩ፡
>
> ...ዓድናስ ይኣ መስሓቒ ኾይና! እናበሉ'ውን ተቐመጡ። ምላሽ ንምሃብ ድንጉይ እንተ በልኩ'ኳ፡ እታ ካብ ነዊሕ ግዜ ገቲሮም ሒዞምዋ ዝነበሩ መንቲግ ወይ ለጉሞምዋ ዝነበሩ ጥይት ዱምዱል ግዲ ንሳ ነይራ ኾይናስ፡ ድሮ ብኡ ንብኡ ከርበጥ ኢለ ዝዓረፍኩ ግዲ መሲልዎም፡ ኣዝዩ ዝዓበየ ሓጐስ ኣብቲ ገጾም ከንጸባርቕ ይረአ ነበረ። ኣነ ግና ናብ'ቲ ዘውደቑዎ ሕቶ ኣቢለ'ኳ ብዙሕ ከየድሃብኩ፡ ብዛዕባ ኣብ ገሊኦቶም ሰባት ሓዲሩ ዘሎ ወይስ ክሓድር ዝኽእል መንፈስ ኣስተንክር፡ መስተንክር ዝኾነ ነገር'ዩ! "ነቲ ብዛዕባ ዝመጽእ ኩነታት ኤርትራ ዝመስሎ ክዛረብ መሰል ተቐቢሉ ዘሎ ሰብ ደኣ ካብዞም ኣብዚ ተኣኪባቶም ዘለዉ ሰባትስ መኖም ኮን ይኸውን?" እናበልኩ'ውን ብውሽጢ ልበይ እግረም ነበርኩ። ኣቶ ተድላ ባይሩ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሕቶ ልበይ ከውድቕ ስለዝሓደጉኒ፡ ምላሽ ክህብ እውን ስለዝጐሳጐሱኒ ግና፡ ተንሲአ ከምታ ዓቕመይ፡ ከምታ ንሓደ ትግራዋይ ተዋሂባቶ ዘላ ዓቕሚ ክደራጉስ ጀመርኩ። ትግራዋይ ማለት፡ በዓል ክልተ ደሞዝ፡ ጠላም ብጻዩ፡ በዓል ክልተ መልሓስ ከም ዘይኮነ፡ እዚ ካብ ዘይከውን ከኣ ትግራዋይ ማለት ወድ ነገስታት፡ ወድ መሳፍንቲ፡ ወድ መኳንንቲ ማለት እንካብ ዝኸውንስ በዚ ዓቢ ጸርፎም ብዙሕ ሕጉስን ኩሩዕን ከም ዝኾንኩ ክገልጸሎም ጀመርኩ። ትግራይ ማለት ሰፊሕ ሃገር እዩ እሞ፡ ኣነ ብዝተኣሰርኩሉ ንሶም ንጐልተይ ሃቡኒ ኢሎም ምእንቲ ደገ ኪጸንዑ ኢለ'ውን ዓደ'ቦሓጎታተይን ዓድ'ኖሓጎታተይን ካበይ ጀሚሩ ኣበይ ከም ዝበጽሕ ገለጽኩሉሎም። ከምዚ ዝበለ ቃል ክዛረብ ከለኹ ድማ፡ ቅድሚ ሎሚ ኣብ ውሽጢ ልበይ ከቶ ተሰሚዑኒ ዘይፈልጥ ደስታን ሓበንን ይስምዓኒ ነበረ። ሕፍተ ዘይብሉ ዘይጥርጠር ወለዶ እንሓንሳእ ብሓቂ ዝጠቅም እዩ! ቀጺለ ድማ ኣብ ቅድሚ ክንድቲ ዝኣኸሉ መኳንንትን ጭዋታትን ወራዙትን ንጥቕሚ ሃገር ክንብል ተኣኪብና ኸለናስ ብዛዕባ ወለዶን ዓሌትን ኣድቕቕ ኣቢልና እንተተመራመርና ባህ ዘየብል ክፉእን ነውርን ዝኾነ ነገር ምእንቲ ከይፈናቐል ዓሌትን ወለዶን ክሳብ ጊዚኡ ብወገኑ ክንሓድጎ ዚሓይሽ ከም ዝኾነ እናመልከትኩ፡ ንክቡር ኣቶ ተድላ ባይሩ ከረድኦም ኢለ ኣምሪረ ለመንኩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘንበብኩሞ ጥቕሲ፣ ኣለምሰገድ ተስፋይ ካብቲ ኣብ 40ታት ዝሕተም ዝነበረ "ሰሙናዊ ጋዜጣ" ዝረኸቦ፣ ኣነ ድማ ካብ መጽሓፉ ዝወሰድኩዎ ጥቕሲ ኮይኑ ኣቶ ወልደኣብ ባዕሎም ዝጸሓፍዎ ኢዩ። ነዚ ባዕሎም ዝጸሓፍዎ ጽሑፍ ምስ ኣንበብኩ ኣቶ ወልደኣብ ብመበቆሎም ዝሕበኑ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ዝንየቱ ሰብ ከም ዝነበሩ ኣረጋጊጸ። መጽሓፍ "ኣይንፈላለ" ኣብ ትሕቲ'ቲ ብጻዕሪ ሓላፊ ምርምርን ስነዳን ህግደፍ ኣቶ ዘምህረት ዮሃንስ ዝተመስረተን ብኣለምሰገድ ተስፋይ ዝምራሕን ኣሃዱ "ፕሮጀክት ታሪኽ" ተጻሒፉ ብሓልዮት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዝተሓትመ ናይ ታሪኽ መጽሓፍ ኢዩ። እሞ'ኸ ደኣ ወ/ሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ እንታይ ከፊእዋ ኮን ይኸውን ኣብቲ ህግደፍ ባዕሉ ዝመወሎ ናይ ታሪኽ መጽሓፍ ዝሰፈረ ሓቂ ከይግለጽ ተቓዊማቶ!? ምናልባት ነቲ መጽሓፍ ኣንቢባቶ ዘይትፈልጥ ክትከውን ትኽእል። ገለ

ውሑዳት ገዲፍካ ዝበዝሑ ሰበስልጣን ህግደፍ ካብ ኣእምሮኦም ከብዶም ስለዝገፍሕ ምስ ባህሊ ብልሽውና እምበር ምስቲ ኣእምሮ ዘስፍሕ ባህሊ ንባብ ሌላ ከም ዘይብሎም ሓፈሻዊ ትዕዝብቲ ኣለኒ።

ዝኾነ ኾይኑ.......

ኤርትራውነት ብኣበርክቶ ጥራይ ዝርከብ እንተዝኸውን፣ እሞ ድማ ደረጃታት እንተዝህልዎ ክንደይ ካብቶም ብኤርትራውነትና እንምካሕ ኤርትራውያን ኢና ትሕቲ ኤርትራውነት ኣቶ ወልደኣብ ዝስራዕ ኤርትራውነት ክህልወና!? እታ ንኣቶ ወልደኣብ "ዓጋመ" ክትብል ዘይትደፍር መልሓስና'ኸ ስለምንታይ ኢያ ኣብ ተጋሩን ናይ ትግራይ መበቆል ዘለዎም ኤርትራውያንን በጺሓ እትበልሕ!?

ኣቶ ወልደኣብ ዝበልዎም ዘረባታት ክንዝክር ከለና ዳርጋ ኩሉ ግዜ እንደጋግማ ዘረባኦም "እዛ ዘውዲ እዚኣ ኣምላኽ ባሪኽዋ ኢዩ'ሞ ዝተንከያ ወይልኡ" እትብል ኢያ። እዛ ቃል'ዚኣ ንኤርትራ እምበር ንትግራይ ዝተባህለት ከም ዘይኮነት ስለእንፈልጥ ከኣ ንኣቶ ወልደኣብ ከም ኣቦ ናጽነትና ንወስዶም። ኣቦ ናጽነትና ጥራይ ግን ኣይኮኑን። እንተላይ ኣርማ ሓድነትና እውን ኢዮም። ክንዲ ዝኾነ ኣብ ኣኼባታትና ንስእሎም ምስ ስእሊ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ኣሕቢርና ከም ምስሊ ሓድነትና ንጥቀመሉ። ንምስሎም ብዓቢ ፍሬም ኣብ መናድቕ ቤትና ሰቒልና "እዚ ብሩኽ ሰብኣይ!" እናበልና ንምጉሶም እውን ብዙሓት ኢና።

ታሪኽ ሃገር ድምር ታሪኽ ውልቀሰባት ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ ታሪኽ ኣቶ ወልደኣብ ገለ ክፋል ናይ ታሪኽና ኢዩ። ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም "ዓጋመ" ኢልና ዘይንሰምዮም ግን ከኣ ብ"ዓጋመ"ነቶም ዝኾርዑን ዝንየቱን ሓርበኛና ኢዮም። ታሪኾም ድማ ታሪኽና ስለዝኾነ ንመበቆሎም ከም መጽረፊ ቃል እናተጠቐምና ምስ ታሪኽና ኣይንጓነጽ!! "ሓርበኛ ኣቦና" እናበልና እንተዋጠናሎም ትርጉም የብሉን። ቅድም ቀዳድም ነቲ ዝሕበኑሉ መበቆሎም ኣይነራኽስ!! ንዝኾነ ሰብ ብመበቆሉ ጸሊእናዮ ኢልና "ኣታ ዓጋመ!" ክንብሎ ከለና "ኣታ ዘመድ ወልደኣብ!" ንብሎ ከም ዘለና ኣይንዘንግዕ። ምቃል ዘርኢ ኣቶ ወልደኣብ ም኿ኑ ንምስክረሉ እምበር ነነውሮ ከም ዘየለና ኣይንረስዕ!!

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ልሉይ ተራን ኣበርክቶን ዝነበሮም "ዓጋመ"ታት ነይሮም ኢዮም። ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ እውን ብኣበርክቶኦም ዓቢ ክብሪ ዝወሃቦም ብፍላይ ድማ ሃጸይ ሃይለ ስላሴ ባዕሎም "ስመ ጥር ሓማሴናች" እናበሉ ዝጽውዕዎም ከም በዓል ሎሬንዞ ታእዛዝ ዝኣመሰሉ ኤርትራውያን ነይሮም ኢዮም። እቲ ኣብ ሮማ (ኢጣልያ) ዓሌታውያን ጠላይን ብምስያፍ ቅያ ዝፈጸመ ዘርኣይ ደረስ ከምኡ'ዉን ኣብ ልዕሊ ግራዝያኒ ፈተነ ቅትለት ዘካየዱ ሞገስ ኣስገዶምን ኣብርሃም ደቦጭን ብመበቆል ኤርትራውያን እኳ እንተኾኑ ክሳብ ሕጂ ኣብ ማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ኮነ ኢትዮጵያውያን ዝጽሕፍዎም ናይ ታሪኽ መጽሓፍቲ ከም ኢትዮጵያውያን ሓርበኛታት ኢዮም ዝጥቀሱ። ኣቶ ዘምህረት ዮሃንስ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ዘሕተሞ ናይ ታሪኽ መጽሓፍ ግን ነዞም ሓርበኛታት እዚኣቶም ከም ኤርትራውያን ሓርበኛታት ኢዩ ዝገልጾም።

ኤርትራዉነት ብመበቆል ጥራይ ዝውሰን መንነት ኣይኮነን። ኤርትራውነት ስምዒት እዩ። እቶም ብመስዋእቲን ስንክልናን ንዝመጸ ናጽነት ብምንጻግ ኣብ ረፈረንደም "ኣይፋል" ዘድመጹ ኤርትራዉያን'ከ ኤርትራዉያን ድዮም ክበሃሉ!? ካብቲ ፖለቲካ ኤርትራ ዝገርገረሉ 1940ታት ክሳብ 1991 ምእንቲ ገንዘብን ሽመትን ክብሉ ኣንጻር ናጽነት ኤርትራ ዝተቓለሱ ኤርትራውያን ነይሮም ኢዮም። ብታሪኽ ክንጸባጸቦም ጽቡቕ እኳ እንተዘይኮነ ንተግባራቶም ክንርስዕ ግን ኣይንኽእልን። ኣቶ ወልደኣብ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ብዘካይድዎ ዝነበሩ መሪር ፖለቲካዊ ቃልሲ ሸዉዓተ ግዜ ብጥይት ክሰሓቱ ከለዉ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ግን ከምቲ መምህር ኣማኑኤል ሳህለ ዝበሎ ቈልዓ ኮይኑ ዕንክሊል እዩ ዝጻወት ነይሩ። ታሪኽ ቃልስና ድማ ካብቲ ኣቶ ወልደኣብን መሳቱኦምን ቃልሲ ዝጀመሩሉ ግዜ እምበር ካብቲ ኢሳያስ ካብ ጅብሃ ዝተፈልየሉ ግዜ ኣይኮነን ዝጅምር። ስለዚ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ድምር ቃልሲ ወለዶታት 40ታት፣ 50ታት፣ 60ታት፣ 70ታትን 80ታትን እምበር ከምቲ እንዳ ኢሳያስ ዝብልዎ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ጥራይ ኣይኮነን።

ካብ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ፕሮፌሰራት ተኸስተ ነጋሽን፣ ተስፋጽዮን መድሃኔን መኖም ኢዩ ኤርትራዊ!? ፕሮፌሰር ተስፋጽዮን መድሃኔ ቅድሚ ሃገራዊ ናጽነት፣ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብፈደረሽን ተኣሳሲረን ክነብራ ዝመዓዱ፣ ድሕሪ ሃገራዊ ናጽነት ድማ ክልቲኣን ሃገራት ብኮንፈደረሽን ክተኣሳሰራ ሓሳብ ዘቕርቡ ዘለው ምሁር ኢዮም። እታ ንፈደረሽን ዝጎስጎሱላ መጽሓፍ **Eritrea: Dynamics of a National Question** እትብል ክትከውን ከላ እታ ናይ ኮንፈደረሽን ሓሳብ ዘቕረቡላ መጽሓፍ ድማ **Towards Confederation in the Horn of Africa: Focus on Ethiopia and Eritrea** እትብል ኢያ። ፕሮፌሰር ተኸስተ ነጋሽ እውን እንተኾኑ በታ ምስ ኖርዌጃዊ ፕሮፌሰር Kjetil Tronvoll ብምኽኢን ኣብ 2000 ዘሕተምዋ **Brothers At War: Making Sense Of The Eritrean-Ethiopian War** ዘርእስታ መጽሓፍ ኣቢሎም ኣብ ሃገርነት ኤርትራ ከም ዘይኣምኑ ኣረጋጊጾም ኢዮም። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ እትሕተም መጽሔት ኣዲስ

ኣድማስ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ድማ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ሽግር ንዶባት ክልቲኡ ሃገራት ብምምልካት ዘይኮነ ነቲ ዶባት ብምፍራስ ከም ዝፍታሕ ገሊጾም ኢዮም።

እዞም ብዕድሚኦምን ትምህርቶምን ዘኽብሮም ክልተ ምሁራት ብመበቆል ኤርትራውያን ምዃኖም ከም ዘኹርዖም ኣይጠራጠርን ኢየ። እንተኾነ ግን ኣብ ኤርትራዊ ሃገራውነት ስለዘይኣምኑ ደቂ ክፍለ ሃገር ኤርትራ እምበር ደቂ ሃገረ ኤርትራ ከበሃሉ ዝደልዩ ኣይመስለንን። ኤርትራውነት ድማ ፈቲኻን ረዲኻን ወይ ድማ ልክዕ ከም ኣቶ ወልደኣብ ስለ ኤርትራ ዋጋ ከፊልካ ዝልበስ መንነት እምበር ኣገዲድካ ዝወሃብ ዜግነት ስለዘይኮነ ነዞም ሰባት ኤርትራዊ መበቆል ስለዘለዎም ጥራይ ካብ ሓደ ናይ ኪኖ መረብ መበቆል ዘለዎ ግን ከኣ ናይ ኤርትራ ሃገርነት ዝቕበል፣ ስለ ድሕነት ኤርትራ ዝቃለስ ሰብ ንላዕሊ ኤርትራውያን ኢዮም ክንብሎም ኣይንኽእልን። ንሃገርነት ኤርትራ ናይ ዘይምቕባል ምርጫኦም ግን ክነኽብረሎም ይግባእ።

ኣብ ኣሜሪካ 4 ወይ 5 ዓመታት ስለዝተቐመጡ ጥራይ ኣሜሪካዊ ዜግነት ዝረኸቡ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣለውና። ኣሜሪካውያን ስለዝኾኑ ከኣ ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ኣሜሪካ ብምስታፍ ድምጾም ይህቡ። ስለዚ ድማ መራሒ ኣሜሪካ መን ክኸውን ከም ዘለዎ ናይ ምምራጽ መሰል ኣለዎም። ኣረ ገሊኦምስ ነዚ መሰል'ዚ ተጠቒሞም ነዛ ሓያል ሃገረ ኣሜሪካ ዝመርሓ ሰብ እናሓረዩላስ ንኤርትራ ክመርሓ ዘለዎ ግን ኢሳያስ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ ይብሉና። በቲ ኣብ ሃገርና ዘይፍቀድ ሰላማዊ ሰልፊ ገይሮም ንመንግስቲ ናይታ መሰሎም እተኽብረሎም ሃገር ዝኹንኑ ደረቐኛታት እውን ኣለውና። ዜግነት ናይታ ቅንጣብ ዘየበርከትካላ (እኳ ደኣ ጸይራትካ እትነብር) ሃገር ምርካብ ሓላል እንተ ደኣ ኮይኑ ብኸመይ ደኣ'ሞ ብዘይ ኤርትራዊ መበቆል ወይ ድማ ብፍርቂ ኤርትራዊ መበቆል ስለ ድሕነት ኤርትራ እናተቓለስካ ኤርትራዊ ምዃን ሓራም ዝኸውን!? ስለምንታይ'ከ ናይ መበቆል ኣጀንዳ እናልዓልና ንሓድሕድና ኤርትራውን ዘይኤርትራውን (ዓጋመን ዘይዓጋመን) ንበሃሃል!? ነዚ ንቃልስና ዘይሕግዝ ኣጀንዳ ብምኩምሳዕ እንረኽቦ መኽሰብ'ከ እንታይ ኢዩ!?

ሃለዋት ሃገርና ብኸምዚ እንርእዮን እንሰምዖን ዘለና እንተቐጺሉ፣ እቲ በቲንዋ ክጠፍእ ዝሰርሕ ዘሎ ስርዓት እውን ኣብ ዘሕምሞ እንተዘይተዘቢጡ፣ ይትረፍ ንሕበነላ ንነብረላ ሃገር እውን ኣይክተህልወናን ኢያ። ከይትበርስ እተስግእ ሃገር ኢያ ዘላትና። ኤርትራ እንተሃሊያ ከኣ ኢና ብዛዕባ ኤርትራውነትን ዘይኤርትራውነትን ምዝራብ ዘምሕረልና። እዚ ኣብ ስዑር ኩናት ዘዕነኒ ዘሎ ስርዓት ስሙር ቀላጽምና ክዓርፎ እንተዘይክኢሉ ሃገር ናይ ምብራስ ዕላማኡ ሸቶኡ ክወቅዕ ኢዩ። ንሕና ድማ ተበቲንና ሃገርን ባንዴራን ዘይብልና ህዝቢ ኴንና ክንተርፍ ኢና። ሽዑ ግዜ ይትረፍ እንምክሓሉ ብጩቕ ኢልና እንዛረበሉ መንነት እውን ኣይክህልወናን ኢዩ። ናይ መበቆል ኣጀንዳ ክሳብ ክንዲ'ዚ ንሓንጎልና ብሒትዎ ንሕናን ንሽኹምን ክንበሃሃል ነባኽና ዘለና ግዜ ንምሽቱ ብዘይ ሃገር ከየትርፈና ንጠንቀቕ። ጉዳይ ኣውራጃ፣ ሃይማኖት፣ ቀቢላ፣ እንዳን ማይ ቤትን ጥራይ ኣይኮነን ዝፈላልየና ዘሎ። ጉዳይ "ዓጋመነትን ዘይዓጋመነትን" እውን ኣብ መንጎና ዘይተዓረቕ ፍልልያት እናፈጠረ ጸዓትና ይጽንቅቐልና ኢዩ ዘሎ።

እቶም ኪኖ ብሎኮ ጎዳይፍ ዝነብር ኩሉ ተዛራቢ ትግርኛ "ዓጋመ" ዝመስለና ሰባት ምስ ነብስና ተዘራሪብና ኣተሓሳሰባና ንኣርም! እቶም ብፍላይ ንህዝቢ ሓደ ኣውራጃ ፈሊና "ዓጋመ ኢዮም" እንብል ሰባት ግዕዙይ መልሓስና ኣደብ ንግበረሉ። እቶም ንኹሉ ኪኖ መረብ ዝውለድ ኤርትራዊ ዘይንኣምንን ኣብ ጎድንና ክቃለስ ዘይነፍቅድን ሰባት ድማ መዐቀኒና ኤርትራዊ ስምዒት እምበር መበቆል ኣይኹን። ካብ ኣጉል እምነታት (Stereotypes) ሓራ ዝኾነ ቃልሲ ከነካይድ ንፈትን። ኣብ ክንዲ ትርኪ-ምርኪ ሓሳባት ረዘንቲ ሓሳባት እናሓሰብና ርዝነትን ትሕትናን ንመሃር። ረዘንቲ ሓሳባት ከነመንጩ እንተዘይክኢልና ከኣ ረዘንቲ ሓሳባት ዝሓዙ መጽሓፍቲ እናንበብናን ፈላጣት እናተወከስናን ርዝን ክንብል ንፈትን። ድንቁርናን ትዕቢትን (Ignorance & Arrogance) ሒዝና ኣብ ንበጽሖ የብልናን። ናብ ኩሉ ደላዪ ለውጢ ኤርትራዊ ክበጽሓለይ ዝደልዮ እዋናዊ መልእኽተ እምበኣር እዚ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ፣ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ካብ ዝተሓትመት ናይ መምህር ኣማኑኤል ሳህለ መጽሓፍ "ሓንቲ ዓለም" ዝወሰድኩዎ ጥቕሲ ኣስፊረ መልእኽተይ ክዛዝም፡-

> ኩልና ኣብ ሓንቲ መርከብ ወይ ኣውቶብስ ስለዘለና፣ ኩልና ፈቲና ጸሊእና ኣሕዋት ኢና። ሓደ ህዝቢ ካብ ካልእ ህዝቢ ኣይበልጽ፣ ኣይሓምቕ፣ ኣይንእስ፣ ኣይዓቢ። ቀያሕትና፣ ጸለምትና፣ ጸዓዱና ኩልና ተሳፈርቲ መርከብ ኢና። ኩሉ ኣብዛ ዓለም ዘሎ ነገራት፣ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ብሓደ ኢና እንካፈሎ።

ኣማኑኤል ማህደረ
(iamamanuel@yahoo.com)